# መሰል ጠበቓ ንቈልዑ

ሓበሬታታት ነቶም ምስ ወለድኹም መጺእኩም ዑቕባ ትሓቱ ዘለኹም ቈልዑ



ጠበቓ እንታይ እዩ፧

- ጠበቓ ክኢላ ሕጊ ኮይኑ ንዑቕባ ዝሓተቱ ስድራ ቤትካ ጉዳዮም ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ክግበረሉ ዝሕግዝ ብዓል ሞያ እዩ።
- ድሌትካ ክሳብ ዘይኮነ ጠበቓ ዝተዛረብኩምሉ ዘበለ ንካልኦት ክነግር ኣይክእልን እዩ።

መዓስን ብኸመይን ኢዮም ስድራ ቤትካ ጠበቓ ዝወሃቦም፧

- እንተድኣ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ግድን ክትምለሱ ኣለኩም ኢሎም ወሲኖም ጠበቓ ይወሃበኩም።
- ወጻኢታት ጠበቓ ባዕልኹም ኣይትኸፍልዎን ኢኹም።
- ወለድኻ ዝፈልጥዎ ጠበቓ እንተሃልዩዎም ክመርጹ ይፍቀዶም እዩ፡ ወይ ከኣ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ሓደ ጠበቓ ንምርካብ ክተሓባበሮም ይኽእል እዩ።
- ኣብ ገለ ገለ እዋናት ቈልዑ ናይ ገዛእ ርእሶም ጠበቓ ይወሃቦም ኢዩ። ነዚ ዝውስኖ ድማ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ወይ ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ/UNE ኢዮም ዝውስንዎ።

ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡን ከይትቕመጡን ዝውስኑ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት እቶም UDI ዝብሃሉ ኢዮም።
እንተድኣ ንውሳኔ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጥርዓንኩም ኣቕሪብኩምሉ፡ እቶም ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ UNE ዝብሃሉ ኢዮም ነቲ ጥርዓንኩም ዝርእይዎ።
ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡን ከይትቕመጡን ናይ መወዳእታ ውሳኔ ዝህቡ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ተቐበልቲ ይግባይ/UNE ኢዮም።



# እቲ ጠበቓ ንስድራቤትካ ኣብ ምንታይ እዩ ክተሓባበሮም ዝግብኦ፧

መልሲ ሕቶ ጉዳይኩም ካብ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ምስ መጻእኩም።

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡ ኣይፍቀደኩምን እዩ ዝብል ውሳኔ እንተ ሂቦምኹም

- ንምንታይ ኢዮም ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ንዓድኹም ግድን ክትምለሱ ኣለኩም ኢሎም ወሲኖም ጠበቓኹም እዩ ገሊጹ ዘረዳኣኩም።
- እንተድኣ ምስ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ተዛራሪብካ ኲንካ፡ እቲ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ብኣረዳድኣኦም ንዓኻ ይሓይሽ እዩ ዝበሉዎ ገሊጹ የረዳኣካ።

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡ ይፍቀደኩም እዩ ዝብል ውሳኔ እንተ ሂቦም።

- ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡ ተፈቒዱልኩም ኣሎ ዝብል ደብዳበ ኢዩ ዝሰደልኩም። እንተ ተቐቢልናኩም ኣለና ዝብለ ውሳኔ መጽዩኩም ጠበቓ ኣይወሃበኩምን እዩ።

እንተድኣ ወለድኻ ንውሳኔ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ዘይሳማማዓሉ ኮይኖም ጠበቓኹም

- ጥርዓን ንምጽሓፍ ይተሓባበረኩምን ብዛዕባ እቲ ጉዳይኩም ዝምልከት ሓበሬታታት ድማ ንቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ይህቦም።
- ጠበቓኹም ንቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ከመይ ከም ዘለኻን ንክትምለስ ግድን እንተ'ኹይኑ ድማ እንታይ ይጽበየካ ከም ዘሎን ይነግሮም።

መልሲ ጉዳይኩም ካብ ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ/UNE ምስ መጽኣኩም።

እንተድኣ ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ/UNE ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡ ኣይፍቀደኩምን እዩ ዝብል ውሳኔ ሂቦም፡

- ንምንታይ ኢዮም ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ ክትወጹ ኣለኩም ኢሎም ወሲኖም ጠበቓኹም እዩ ገሊጹ ዘረዳኣኩም።
- እንተድኣ ምስ ኣብያተ ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ ተዛራሪብካ ኰንካ፡ እቲ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ብኣረዳድኣኦም ንዓኻ ይሓይሽ እዩ ኢሎም ዝበሉዎ ገሊጹ የረዳኣካ።
- ንዓድኹም ንምምላስ ሓገዝ ብኸመይ ክትረኽቡ ከም እትኽእሉ ጠበቓኹም እዩ ዝገልጸልኩም።

ቤት-ጽሕፈት ተቐበልቲ ይግባይ ኣብ ኖርወይ ንክትቕመጡ ይፍቀደልኩም እዩ ዝብል ውሳኔ እንተሂቦም።

- ምኽንያት መቐበሊኹምን ኣብ ኖርወይ እንታይ ይጽበየኩም ከም ዘሎን ጠበቓኹም እዩ ዝገልጸልኩም።



ገለ ገለ ተወሳኺ ሕቶታት እንተልዩካ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.UDI.no ወይ ኣብ www.NOAS.no ብምእታው ዝያዳ ሓበሬታታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

UDI Utlendingsdirektoratet Norwegian Directorate of Immigration

UTLENDINGSNEMNDA UNE

POLITIET POLITIETS UTLENDINGSENHET